# ዋዛ ምስ ቁምነገር- ዝና

ምስ እዚ "ብዙሕ ዚደሊ ሓንቲ ነይረክብ" ዚብል ብሂል ዚሰማማዕ ሓደ ኣጋጣሚ ብእዋን ሓደ ውሩይ ራእሲ ኲነ ይብሃል። እቶም ናይ ቀደም ሰባት፡ ነቲ ዝነበሮም ገንዘብ፡ እተን ኣንስቲ ኣብ ዕጣቓን፡ እቶም ሰብኡት ድማ ኣብ መንዲል ቋጺሮም ይሕዱ ነበሩ እሞ፡ ሓደ ሰብኣይ ከኣ ከምኡ እተን ዝነበርኦ ገንዘብ ሒዙ ንዕዳጋ ወረደ። ዘይሓሰቦ ኣጋጣሚ ግና እታ ገንዘቡ ቋጺሩላ ዚነበረ መንዲሉ ወዲቓ ትጠፍእ። ብኡ-ብኡ ሓደ ቀሺ ረኺቡ "ኣቦየ፡ ኣነስ ጸገም ኣኺበ!" ይብሎም። "ወደይ፡ ደሓን ዲኻ?" ኢሎም ምስ ሓተትዎ፡ "ኣብዚ ክንድ'ዚ ዚኣክል ገንዘብ ጠፊኡኒ እሞ፡ ፍታውኩም እንተ ኾይኑስ ኣብቲ ዕዳጋ'ንዶ ገዝቱለይ" በሎም።

ንሶም ድማ፡ "ዋእ! እንታይ ጸገሙ ረኺብካ'ንታ!" ኢሎም፡ ከምቲ ልምድን ባህልን እታ ዓዲ፡ ኣብቲ ዕዳጋ ኸዱ። ኣብኡ፡ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ደው ኢሎም ድማ፡ ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡ ተዛረቡ። ከምዚ ድማ በሉ፡ "ሎሚ ኣብዚ ዕዳጋ እዚ ዘይገንዘቡ ዚረኸበ፡ ወይ ዚሰረቐ፡ ነቲ ዋና ገንዘብ ኪመልሰሉ እግዝእት ኣሎኹ" በሉ። ወዮ ነተን ገንዘብ ዚረኸበ ሰብ፡ ኣብኡ ነይሩ፡ ኽይግዝእት ፈሪሁ ድማ፡ "ኣነ ዝተቛጸረ ገንዘብ ረኺበ ኣሎኹ፡ እቲ ገንዘቡ ዚጠፍኦ ናባይ ይምጻእ ኢሉ ኣጸውዖ።" እቲ ዜጥፍአ ምስቶም ቀሺ ክልቲኦም ረኸብዎ።

ሽዑ፡ "እቲ እትደልይዎ ዘለኹም እንተ ደኣ ኾይኑ እንኩ ረኣዩ" ኢሉ ቀረቡ፡ ነቲ ገንዘቡ ዚጠፍኦ ሰብኣይ ሃቦ። እቲ ሰብኣይ ድማ ተቐቢሉ፡ ነቲ ቘጻር ፈቲሑ፡ ነቲ ገንዘብ ቘጸሮ። ሽዑ፡ "ጐይታይ፡ እዚ ቁጻር ቁጻረይ እዩ፡ እቲ ገንዘብ ግና ጐዲሉዎ ኣሎ። እቲ ገንዘበይ 150 እዩ ነይሩ፣ እዚ ኸኣ ሓምሳ ቕርሺ ጥራይ እዩ፡ ረኣዩ" በለ። ነዚ ሰሚዑ፡ እቲ ነቲ ገንዘብ ዚረኸበ ሰብኣይ፡ ነቶም ቀሺ እናረኣየ፡ "ኣቦየ፡ ኣነስ ነታ ቁጻር እኳ ኣይፈታሕኩዋን፡ እተን ኣብኣ ዘለዋ ድማ እተን ዝረኸብኩወን ንሰን እየን። ካብኡ ሓሊፉ ዝብሎ፡ ካልእ የብለይን" በለ።

እቲ ገንዘቡ ዚጠፍኦ ሰብኣይ ድማ ተቐቢሉ፡ "እቲ መቑጸሪ ምሳኻ ካብ ተረኽበ፡ እቲ ጐዲሉ ዘሎ ድማ ንስኻ ኢኻ ኣጕዲልካዮ" ኺብል ጠቀኖ። ተማሕጺኑ ድማ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ኪቐርብ ገበሮ። በዚ ክልቲኦም ቀሪቦም፡ ከምቲ ግቡእ ወዋሕሶም ምስ ተኸሉ፡ ነገሮም ኣፍሰሱ።

ለባም ዳኛ ንኽሉ ሰሚዖም፡ ነቲ ኸሳሲ፡ "ገንዘብ ጠፊኡኒ ግና እቲ ዚጠፍኣኒ 150 ቕርሺ እዩ ነይሩ ኢኻ ትብል ዘሎኻ?" ኢሎም፡ ከም ሕቶ ገይሮም ኣቕረቡሉ። ንሱ ድማ፡ "እወ ጐይታይ፡ ከምኡ እየ ዝብል ዘሎኹ፡" ኢሉ መለሰ። ኣብቲ ተኸሳሲ ተመሊሶም ድማ፡ "በል ንስኻኸ ክንደይ ቕርሺ ኢኻ ዝረኸብካ?"

ብዙሕ ዚደሊ ሓንቲ ነይረክብ

ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ “ጐይታይ፡ ኣነስ ብቑጽሩ ምስ ረኸብኩዎስ ክንደይ ምዃኑ’ውን ኣይፈልጥኩን። ደሓር ግና እቲ ዝረኸብኩዎ 50 ቅርሺ ምዃኑ ፈሊጠ፡” ኢሉ መለሸ። ደጊሞም፡ “ከመይ ጌርካ ፈሊጥካ?” ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ “ነዚ ጠፊኡኒ ዝበለ ናቱ እንተ ኾነ ምስ ሃብኩዎ፡ ነቲ ቁጻር ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ፈቲሑ፡ እቲ ተቘጺሩ ዚነበረ ገንዘብ ክንደይ ምዃኑ ባዕሉ በለ፡” ክብል መለሸ። “እዚ ከሳሲኸ ከመይ ገይሩ ረኸበካ” ኢሎም ድማ ሓተትዎ። ንሱ ኸኣ፡ “ጐይታይ፡ ኣብቲ ዕዳጋ ሓደ ሰብ ገንዘብ ጠፊእዎ እሞ፡ ሓደ ቀሺ ዘይገንዘቡ ዚረኸበ፡ ወይ ዚሰረቐ፡ ናባይ ይምጻእ ኢሎም ይግዝቱ ኣለዉ ምስ ተባህለ፡ ቅድም፡ ዘይገንዘበይ ዘይደሊ ኾይነ፡ ደሓር ድማ ግዝት ፈሪሀ ነቲ ዝረኸብኩዎ፡ ከምቲ ዝረኸብኩዎ ብጥቕሉሉ፡ ብቑጻሩ ሒዘ፡ እቲ ገንዘቡ ዚጠፍኦ ናባይ ይምጻእ ኢለ ኣጸዊዐዮ፡” ኢሉ መለሰ።

እቶም ዳኛ፡ ናብቲ ኸሳሲ ተመሊሶም፡ “እዚ ተኸሳሲ ዚብሎ ዘሎስ፡ ሓቂ ድዩ?” ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ “እወ፡ ሓቂ እዩ፡” ኢሉ መለሰ። እቶም ዳኛ፡ ዚሓስቡ ከም ዘለዎ ትም በሉ።

ሽዑ፡ ኣተንፍስ ኣቢሎም፡ ርግእ ኢሎም፡ “በል ከሳሲ፡ እዚ በዓል ነገርካ፡ ነቲ ዜጥፋእካዮ ገንዘብ ኪረኽቦ ኸሎ ዚረኣዮ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን . . . “እወ! ጐይታይ፡ ሓቆም ሓደ ዝረኣየኒ የልቦን . . .” ኢሉ ምስ ኰለፎም፡ “ዝግ በል! ሃዲእናዶ ክንሰምዓካ ኣይጸናሕናን!” ኢሎም ገንሕዎ።

“ዝኾነ ኾይኑ፡ እዚ በዓል ነገርካ፡ ግዝት ቀሺ ሰሚዑ፡ ዘይናቱ ዘይደሊ ሰብ ኰይኑ፡ ንእግዚኣብሄር ፈሪሁ፡ እንሆ ነቲ ገንዘብ ናብ ዋንኡ ኺመልሶ መዲቡ። ኣጸዊዑ ድማ ሂቡካ። ከምቲ ዝበልካዮ፡ ግና እቲ ዝጠፍኣካ ገንዘብ 150 ካብ ነበረ፡ እዚ ንሱ ዚረኸቦ ድማ 50 ቅርሺ ካብ ኰነ፣ እቲ ዝጠፍኣካ 150 ቅርሺ ድለ፡ ክትረኽቦ ድማ ተስፋ ንገብር። ደጊም ምስ እዚ ሰብኣይ እዚ ነገር የብልካን” በልዎ።

ምልስ ኢሎም፡ ነቲ ዝረኸበ ተኸሳሲ ድማ፡ “ንስኻ ድማ እቲ ዝረኸብካዮ ሓምሳ ቅርሺ ምሳኻ ሓዞ። ዋንኡ እንተ ዘይተረኽበ ኸኣ ንበረኸት ይኹነልካ፡” ኢሎም ኣፋነዉዎም ይብሃል።

**እቲ ነጥቢ** እቲ ዓማጽን ስሱዕን ዝኾነ ሰብ፡ ነቲ ገርህን ሕያዋይን ዝኾነ ሰብ ኺጥቀመሉ ድማ ዚብገስ ጐርሕን ብልሕን ዘለዎ ይመስሎ። ንጊዚኡ ዚሰልጦ ዘሎ’ውን ይመስሎ ይኸውን። ውዒሉ-ሓዲሩ፡ ኣማስይዩ ግና፡ እቲ ዚነበሮ ዚመስሎ ጉርሕን ብልሕን ሓዲግ የትርፎ።

ስለ እቶም ሰናያት፡ ሰናይ ሕልና ድማ ዘለዎም ሰባት ንኣምላኽ ምምስጋን ልቦና እዩ። እዚ ሰብኣይ፡ ኣብ ክንዲ እቲ ዚጠፍኦ ገንዘቡ ተረኺቡ ዚሕጎስ፡ ነቲ ረኺቡ ዜምጽኣሉ ሰብ ድማ ዜመስግን፣ ኣብ ክንዲ፡ ካብቲ ሰናይ ተግባር ድማ ዚምሃርሲ፡ ነቲ ሰናይ ዝገበረ ኽዕምጾ ድኣ መደቡ፡ ነቲ ሰናይ ዚገበረሉስ ግናይ ኺፈድዮ ጥራይ ዘይኰነስ ኪዘምቶ ሃቂኑ። እዝስ ምስ እንታይ ይቝጸር? ግና፡ ህውኽ ኢልና ኣብ ፍርዲ ቅድሚ ምእንታውናስ ኣድቅቕ ኣቢልና ንሕሰብ፡ እሞ ሐሕልናና ድማ ንመርምር።